Bayerisches Staatsministerium für
Umwelt und Verbraucherschutz

**ናይ ሓበሬታ ወረቐት ንኣመንቲ ምስልምና፡**

**ብዛዕባ ምሕራድ እንስሳ ኣብ በዓላት ምስልምና ዝምልከት ናይ ኣውራጃ ባየር ስርዓትን ሕግን**

. ኣብ ገዛ ኮነ ኣብ ከፉት ቦታ (ደገ) እንስሳ ምሕራድ ኣይፍቀድን እዩ።

. እቶም እንስሳታት ወን ብምቹእ ኣገባብ መጓዓዝያ (ንኣብነ ት ብ ተሰሓቢት መኪና) ጌርኩም ጥራይ ኢኹም ክትወስድዎም ትኽእሉ። ኣብ መኪና ብድሕሪት እንስሳ ምጽዓን ኩልኩል እዩ።

. እንስሳታት ብጥንቃቐ ክተሓዙ ይግባእ። ብጸምሮም ምውጣጥ ኮነ ኣብ ልዕሊኦም ምውጣሕ፡ የእጋሮም ምእሳር ኮነ ምሓዝ ወይ ተመሳሰልቲ ነገራት ኣይግባእን እዩ። እቶም እንስሳታት ጥራይ ዘይኮኑስ እቲ ዓይነ ት ስጋ ወን በዚ ኣገባብ ምስ ትሕዝዎም ክባላሾ ይኽእል እዩ።

. ብ ማሰረት ሕጊ ኣተሓሕዛ እንስሳታት ፡ ሓንቲ እንስሳ ብ **መደንዘዚ** ተጠቒምኩም ጥራይ ኢኹም ክትሓርድወን ትኽእሉ። ንሓንቲ ዘይደንዘዘት እንስሳ ደምምፍሳስ ወይ ምሕራድ ኩልኩል እዩ። ንፍሉይ ነገር ምስ ዘጋጥም ጥራይ እዩ መንግስቲ ብዘይ መደንዘዚ ክሕረዳ ዘፍቅድ።

. እንስሳ ባዕልኹም ክትሓርድወን ትኽእሉ እንተ ደኣ ንስኹም ናይ መሕረዲ ፍቓድ ወረቐት ትውንኑ ኮይንኩም ጥራይ እዩ ዝከኣል። ነ ዚ ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ ከባቢኹም ዘሎ ቤት ጽሕፈት እንስሳታት (ቨተሪን ኣምት) ኬድኩም ተወከሱ።

. ከምኣማራጺ ግን እታ እንስሳ ናብ ኪኢኣ ሓራዳይ ወሲድኩም፡ ክትክስተን ከላ ድማ ኢድኩም ኣብታ እንስሳ ኣንቢርኩም ጸሎትኩም ክትፍጽሙ ትኽእሉ ኢኹም።

. **ኣገዳሲ ነገር ኣብ እዋን ክስተና፡** ካብ ዘድሊ ንላዕሊ ምሕራድ፡ ክሳድ እንስሳ ዓምጺጽካ ክሳዳ ምስባር ኩልኩል እዩ። እታ ርእሳ ድማ ሂወት ምስ ሓለፈ ክትቁረጽ ይግባእ።

. እቲ መኸስተኒ ቦታ ድማ ብስምምዕ ኣኸስታኒ ጥራይ ኢኹም ክትኣትዉ ትኽእሉ። ናብኡ ንኽትኣትው ዘድሊ ነገራት ድማ፡ **ጽሩይ ናይ መከናኸኒ ክዳን** (ንኣብነ ት ሓንሳብ ተኸዲንካ ዝጎሓፍ) **ጽሬትን ኢንፈክሽን ምልጋስን የእዳውኮነ ጫማ።** እንተ ዳኣ ኣብ ምቁርራጽ እንስሳ ክትሳተፉ ተፈቒዱልኩም ድማ ኣቐዲምኩም **ኣስተምህሮ ናይ ክንክን ኢንፈክሽን** ክትወስዱ ይግባእ። ነ ዚ ዝምልከት ድማ ኣብ ከተማኹም ዘሎ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ጥዕና ኣገልግሎት ይህብ።

. ወግዓዊ **ናይ ዝሕረዳ እንስሳታትን ናይ ስጋ መርመራ** ክትገብሩ ብሕጊ ይግባእ። እቲ ወግዓዊ ናይ እንስሳታት ሓኪም እታ እንስሳ ጥዕና ኣለዋ ድዩ ይምርምር ከምኡ ወን ክፋል ኣካላታ ክለግስ ወይ ክጎሓፍ እንተ ኣለዎ ይርኢ። እቲ ጣዕሚ ናይቲ ስጋ ድማ ብሜሕተም ስጋን ሕብሪ ናይ ተበላዕቲ ነገራት ዘሜልእ ተገይሩ ይልጠፍ። ብድሕሪ እዚ ኢኹም ስጋኹም ክትወስድዎ ትኽእሉ።

. ዝተወሰኑ ክፋል ኣካላት እንስሳን ሓደገኛ ንጥዕና ዝበሃሉ ክወሰዱ ኣይፍቀዱን እዮም በቲ እንዳ ጠብሕቲ ትካል ድማ ይጎሓፉ። እዚኣቶም ከም ጨ ራ (ለዩም) ናይ በጊዕን ጠልን እዩ። ከምኡ ድማ ካብ 12 ዕድመን ላዕሊ ዘለወን ከብቲ፡ ኣጣለን ኣባጊዕን ሾከና ኮነ ሓንጎለንን የዒንትን ክወሰዱ ኣይፍቀዱን እዮም።

. መዓናጠኝ ከብድን ከኣ በቲ ጠባሓይ ምስ ዝጸሪ ጥራይ ኢኹምከትወስድዎ ዝፍቀድ። ርእሲ ወን ክሳብ 12 ዕድመ ዘለወን እንስሳታት ካብቆርበተን ተቐሊጡብ ሓራዲ ምስ ዝወሃበኩም ጥራይ እዩ።

. ናብገዛኹምመውሰዲ ወን ጽሩይ ፕላስቲክ ካሴታ ወይ ኣብ ጊዜ ሓጋይ ምስ መዝሓሊኡ ጌርኩምከትወስዶ ነ ማኸረኩም።

ዝኾነ ነ ዚ ዝምልከት ሕቶ ወይ ድማሓበሬታ ብዛዕባ ኣስተምህሮ ኣጠባብሓ ዝምልከት ምስ ዘድልየኩም፡ ኣብ ከተማኹምዘሎቤት ጽሕፈት ጉዳይ እንስሳታት (ምምሕዳር ወይ ማዛጋጃቤት) ከድኩምከትወከሱ ትኽእሉ ኢኹም።